2024-01-12

# ካብ ፍወሳ ኣካላት ናብ ምህናጽ ኣእምሮ፥ ዘገርም ጉዕዞ ርእሰ-መምሃራን Dodson፡ ካብ ዕዉት ሞያ ሕክምና ናብ ትምህርታዊ ብሉጽነት

*ናይዚ ዓመት'ዚ ርእሰ-መምሃራን DCSD ናብ ህዝባዊ ትምህርቲ ንኽትኣቱ ዝገበራ ዕድል ነይሩ*

ህላወ ርእሰ-መምሃራን Vitella Dodson፡ ኣብዚ ጽዑቕ ንጥፈታት ዝካየደሉ ኣዳራሻት Redan High School፡ ኣብነት ብልህነትን ምሒር ድሌትን እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሕዳር ብደረጃ ኣውራጃ ኣብ ዝተኻየደ 10ይ ዓመታዊ ሽልማት ኣካዳሚ ትምህርታዊ ብሉጽነት (Annual Academy of Educational Excellence Awards)፡ ርእሰ-መምሃራን ዓመት 2023-2024 DeKalb County School District ተባሂላ ክትስመ ቅድሚ ሕጂ ብፍጹም ሓሲባ ኣይትፈልጥን እያ። ምኽንያቱ፡ ጻዕዳ ጁባን ስተተስኮፕን ብምውዳይ ኣብ ሕክምናዊ ሞያ ክትዕወት ራእይ ስለዝነበራ እዩ።

ኣብ ትምህርቲ ክትኣቱ ዝገበራ ዳርጋ ብዕድል እዩ።

“ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕክምና እናተመሃርኩ እንከለኹ፡ ኣንፈት ሞያይ ብምቕያር ክምህር ወሲነ” ብምባል ርእሰ-መምሃራን Dodson ገሊጻ።

እዚ ሃንደበት ዝወሰደቶ ውሳኔ፡ ኣብ ኣገራሚ ዚኾነ ዓለም ትምህርቲ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ልባ ብዙሕ ቦታ ኣብ ዘለዎ ስነፍልጠት ተመስጦ ንኽህልዋ ገይሩ፣ ስለ'ቶም ኣብ Dunwoody High School ዘለዉ ኣነቓቓሕቲ መምሃራን ነመስግን።

“ንምስትምሃር ብኡንብኡ ኣፍቂረዮ፣ ምስ ተማሃሮይ ድማ ጥቡቕ ርክባት ገይረ። ንዝቕጽል ደረጃ ብስነፍልጠት ከዳልዎም ድሌት ነይሩኒ” ብምባል ርእሰ-መምሃራን Dodson ተዛሪባ።

ኣብ Hightower Elementary፡ Peachtree Junior Highን Dunwoody Highን እናተመሃረት ከላ ኣብ ስነፍልጠት ዝነበራ ተመስጦ ከተለሊ ንዝሓገዝዋ ኣገረምቲ መምሃራን ስነፍልጠት ነመስግኖም። ነቲ ንሳ ብርግጽ ዝበጽሓቶ ሸቶ ንኺበጽሕዎ ድማ እቲ ዝነበራ ተመሳሳሊ ተመስጦ ኣብ ተማሃሮኣ ከተሕድር ድሌት ነይርዋ።

እቲ ርእሰ-መምሃራን Dodson ኣብ DCSD ከም ርእሰ-መምሃራን'ዚ ዓመት'ዚ ምምራጻ፡ ሞያዊ ክብሪ ጥራይ ዝህባ ኣይነበረን። እዚ ረኺባቶ ዘላ ምሉእ ዓወት፡ ውጽኢት ቤት ትምህርቲ ኣውራጃን እቲ ንነዊሕ ግዜ እምንቲ ሰራሕተኛ ኮይና ብምግልጋላን ዝመጸ ስለዝኾነ፡ ትርጉሙ ኣዝዩ ዓቢ እዩ።

“ንሓደ ዓመት ጥራይ እንተዘይኮይኑ፡ ምሉእ ናይ ስራሕ ታሪኸይ ኣብ DeKalb እዩ። ካብታ ዝምሃረትንን ከም መምህር ድማ ምሉእ ግዜይ ካብ ዘሕለፍኩላን ኣውራጃ ሽልማት ብምቕባለይ ንዓይ ዓቢ ክብሪ እዩ” ብምባል ብሓበን ተዛሪባ።

ትምህርታዊ ድሕረ-ባይታ ርእሰ-መምሃራን Dodson፡ ልክዕ ከምቲ ዝሓለፈቶ ጉዕዞ ሞያ ዝተፈላለየ እዩ። ኣብ ባዮኬሚስትርን ሞለኩላር ባይሎጅን ካብ University of Georgia ባችለር ዲግሪ ረኺባ፣ ኣብ ካሪክሉምን ምስትምሃርን ዜተኮረ ኣብ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ድማ ካብ Grand Canyon University ማስተርስን ፍሉይ ዲግሪታትን ረኺባ።

ኣብዚ ኣውራጃ ዝተጐዓዘቶ ናይ ሞያ ጉዕዞ፡ ብግዜ ኪልካዕ ከሎ ቅልጡፍ ነይሩ። ፈለማ፡ ስነፍልጠት ኣብ ዝመሃረትሉ Redan High School ስራሕ ጀሚራ። ኣብ Redan and Lithonia High Schools ከም

ኣካዳምያዊ ኣሰልጣኒትን ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራንን ኮይና ድሕሪ ምግልጋላ፡ ኣብ 2020 ከም ርእሰ-መምሃራን Redan High School ኮይና ንኽትሰርሕ ምምራጻ ነዊሕ ግዜ ኣይወሰደትን።

“ከም Redan High School ዝኣመሰለ ቦታ የለን” ብምባል ተዛሪባ። “ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን፡ ከም ኣባል ስድራበቶም ይሕዙኺ። ኣብ Redan ከምዚ ዚብል ብሂል ኣሎና፥ ‘ተቓላሳይ እንተኼንካ፡ ኩሉ ግዜ ተቓላሳይ ኩን’ ይብል፣ እዚ ድማ ንሃዋሁ ማሕበረ-ኮም ቤት ትምህርትና ዜንጸባርቕ እዩ። እዛ ቤት ትምህርቲ፡ ብታሪኽን ብብሉጽ ስራሕን ሃብታም እያ፣ ከም ርእሰ-መምሃራን ኮይኑ ብምግልጋለይ ክብሪ ይስምዓኒ።"

መዘናታት ርእሰ-መምሃራን Dodson፡ ነቲ ኣብ Redan High School ዘምጽኣቶ ዘይክሓድ ጽልዋ ይግንዘብዎ እዮም። Dr. Monique Robinzine ናይ Redan ኣደ-መንበር ክፍሊ ፍሉይ ትምህርቲ (Exceptional Education Department Chair)፡ በቲ ኣገባብ መሪሕነታ ክብሪ ትህባ።

“በቲ ራእይ ዘለዎ መሪሕነታ፡ ንውዕዉዕ ሃዋሁ ትምህርቲ ዜጠናኽር ባህሊ ምትሕብባርን መሃዝነትን ፈጢራ እያ” ብምባል Dr. Robinzine ተዛሪባ። “ንኹሉ ሰብ ክፉት ኳንካ ምቕባል ዚብል ፖሊሲኣን ጸገማት ሰባት ንኽትሰምዕ ፍቓደኛ ምኻናን፡ ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ክብረትን ደገፍን ዝረኽብሉ እወታዊ ሃዋሁ ቤት ትምህርቲ ድማ ፈጢራ እያ።”

Dr. Stacey Barlow፡ ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራን Redan High School ድማ ርእሰ-መምሃራን Dodson ከም ኣገልጋሊት-መራሒት ኮይና እተገልግል'ያ ንዚብል ርእይቶ ትድግፎ እያ።

“እቲ ቀንዲ ኣተኩሮኣ፥ ዕብየትን ጥዕናን ቤት ትምህርትን ኣብኣ ዚሰርሕ ኩሉ ሰብን እዩ። ትሑት ዝደረጃኡ ወይ ማእከላይ ብቕዓት ጥራይ ዘለካ ክትከውን ኣይተፍቅደልካን እያ” ብምባል Dr. Barlow ተዛሪባ። “እዚ ናይ ዕብየት ኣተሓሳስባኣ፡ ምስቲ ብኹሉ ሸነኽ ምሉእ ጥዕና ኪህልወካ እተርእዮ ሓልዮት ዚሰማማዕ እዩ። ሸቶኣ፥ ንምግልጋልን ዕብየት ንምምጻእን እዩ። ናይ Mrs. Dodson ድንጋጸ፡ ባህሪ፡ ብቕዓትን ዘይተለዋወጥነትን፡ Redan High School ኣብ ኩሉ ዓውድታት እናዓበየት ከምእትኽይድ ገይሩ።”

Dodson፡ ርእሰ-መምሃራን ናይዚ ዓመት ትኹን ኣይትኹን፡ ግደኣ ካብ ምምሕዳራዊ ስራሕ ዚሓለፈ እዩ። ነቶም ብሕብረት ዚሰርሑ ኩሎም መምሃራንን ሰራሕተኛታትን ሓያል ደጋፊት እያ፣ ምኽንያቱ፡ ህዝባዊ ትምህርቲ፡ ዘላቒ ምትእስሳራትን ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ህይወት ሰባት ጽልዋን ኣብ ምግባር ዓቢ ሓይሊ ኣሎዎ።

“ኣብዚ ስራሕ'ዚ ንበይነይ ኣይኮንኩን፣ Redan High School ድማ ንመምሃራን ዝበለጸ ቦታ-ስራሕ ንምግባሩ ምስ ካልኦት ክተሓባበር ዕድል ይህበኒ” ብምባል ተዛሪባ።

ከምቲ ክትርእይዎ እትኽእሉ ዘለኹም፡ ርእሰ-መምሃራን Vitella Dodson፡ ዶክተር ሕክምና ክትከውና ካብ ዝነበራ ምሒር ድሌት ወጺኣ ኣብ ትምህርቲ ለውጢ ናብ ዘምጽኤት ሰብ ክትከውን ዝተጐዓዘቶ ጕዕዞ፡ ምስክር ናይቲ ንዘለዋ ተመስጦ ናይ ምስዓብ ሓይሊ እዩ። እቲ ታሪኻ፡ ንሕና ንዓኣ ዝመረጽናዮ ጕዕዞ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንሳ ድማ ንዓና ከምዝመረጸትና ዜምልክት እዩ፣ እዚ ድማ ብፍጹም ገሚትናዮ ናብ ዘይንፈልጥ ደረጃን ናብቲ ክንኮኖ ዚግብኣና ቦታን ክንበጽሕ ገይሩና።